ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# መግለጺ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ብምኽንያት ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ-ሸቃሎ፡ ግንቦት ሓደ(May-Day)

ሎሚ፡ ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ፡ ንመበል 127 እዋን ብኽብሪ እትባዓለሉ እዋን እዩ። ሸቃሎ ኤርትራ ከም ካልኦት ናይ ደርቢ ማሓዙቶም፡ ነዛ ታሪኻዊት ዕለት እናኽበሩዋ ጸኒሖም እዮም፤ ሎሚ ድማ፡ ኣብ ፋሉይን ተኣፋፍን ዓለማዊ፣ ዞባውን ከባብያውን ኩነታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ፍሉይ ሃገራዊ ኩነታት ድማ ብፍላይ፡ ኮይኖም የብዕሉዋ ኣሎዉ።

ሎሚ ዓመት፡ መላእ ዓለም ብለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስ፡ ኣብ ከቢድ መዋጥር ተሸሚማ፡ ኩሎም ህዝብታት ካብ'ዚ ሓደገኛ ሕማም'ዚ ንምድሓን፡ ምንቅስቓሶም ተገቲኡ፡ ኣብ ገዛውቶም ተወሺቦም ኣብ ዝርከቡሉ እዋን ብምኳኑ፡ ናብ ኣደባባይ ወጺኦም ታሪኻዊት ዕለቶም ከኽብሩ ኣብ ዘይክእሉሉ እዋን ትዝከር ኣላ። ብተወሳኺ ምስ'ዚ ለበዳ'ዚ ተኣሳሲሩ፡ ቁጠባዊ ንጥፈታት ዓለምና ብዓብይኡ ብኣሉታ ተጸልዩ ብምህላዉ፡ ሚልዮናት ሸቃሎ፡ ስራሕ ኣልቦ ኮይኖም፡ ኣብ ከቢድ ማሕበራውን ቁጠባውን ቅልውላው ዝተሸመሙሉ እዋን'ውን እዩ። ኤርትራውያን ሸቃሎ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ድኹም፡ ሕርሻዊ፣ ኢንዳስትሪያውን ኣገልግሎታውን ዕዮታት ዝነጥፉ፡ ውሕስነት ዘይነበሮም ኣብ ልዕሊ ምኳኑ፡ ኣብ ልዕሊኡ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ተደሪቡዎም፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ሂወቶም ንዝሽፍአ ሓደጋ ኣብ ዝተቓልዑሉ እዋን፡ የኽብሩዋ ብምህላዎም፡ ኣዝዩ ፍሉይ ይገብሮ።

ኣብ ዕለተ ዝኽሪ ታሪኻዊት ዕለት ማዓልቲ ሸቃሎ-ሜይ-ደይ፡ እቲ በብእዋኑ ክሕቆን ዝጸንሐ ፖሎቲካዊ ኩነታት ዓለምና፣ ዞባናን ከባቢናን ብሓፈሻ፡ ኩነታት ሃገርና ድማ ብፍላይ፡ ናብ ዝሽፍአ ጥርዚ ዝደየበሉ እዋን እዩ። ለበዳ ሕማም ኮሮና ንምክልኻል ዝካየድ ዘሎ ምንቅስቓስ፡ ሓቀኛ መንነት መራሕቲ ሃገራት ዓለምና፡ ጎሊሁ ዝተራእየሉ እዋን እዩ፡፡ ብሓደ ወገን፡ ናይ ህዝቦም ድሕንነትን ጥዕናን ብቐዳምነት ዘገድሶም መራሕቲ መንግስታት፡ ለበዳ ኮሮና ንምክልኻል ብዝወሰዱዎ ተባዕን ቅልጡፍን ስጉምቲ፡ ብዝሓሸ ተቖጻጺሮም ድሕንነት ህዝቦም ከውሕሱ እንከሎዉ፡ እቶም ዝተዳህለሉን ሸለል ዝበሉዎን ድማ፡ እዚ ሕማም'ዚ ኣብ ሃገራቶም ብዘደንግጽ ቅልጣፈ ተላቢዑ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ሰፍ ዘይብል ጉድኣት ከወርድ፡ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ኣብ ከቢድ ፈተና ብምውዳቑ፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወት ዜጋታት ኣብ ዓሚቕ ቅልውላው ዝተሸመመሉ እዋን እዩ። በዚ መንጽር፡ ንኩነታት ሃገርና ምስ እንርኢ ድማ፡ ብሓደ ወገን ሕማም ኮሮና ቫይረስ ብምእታዉ፡ ለበዳ ንምክልኻል ብዝብል ምስምስ፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ዓቕምታት ህዝብታትና ክጻወሮ ዘይክእል ጥቡቕ ቁጽጽር ይግበር ምህላዉ እዩ። በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፡ በብእዋኑ ናብ ሚድያ እናቐረበ፡ ንህዝብታትና ከመኽርን መዋጽኦታት ክሕብርን ዘይተራእዩሉ እዋን እዩ። ብኣንጻሩ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ምኽንያት ብምግባር፡ ኣብ ውሽጦም ኣጋጢሙዎም ዘሎ ፖሎቲካዊ ቅልውላው ንምሕባእ፡ ክጥቀሙሉ ኣብ ዝኣየዩሉ እዋን ንርከብ። ናይ'ዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ሃገርና ኣንጸላልዩ ዘሎ ውሽጣዊ ፖሎቲካዊ ቅልውላው ቀንዲ ምኽንያት፡ ጭቡጥ ሃለዋት ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ከም ምስጢር ተታሒዙ ብምጽንሑ፡ ኣብ ህዝብታትና ከቢድ ሻቕሎት ክፍጠርን፡ ንህሉው ኩነታት ሃገርና ብዙሓት እንተታት ክብክሉዎ ዝኾኑሉ ሓደገኛ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ።

ህሉው ኩነታት ሃገርና፡ ፖሎቲካዊ ለውጢ ብህጹጽ ክትግበር ኣብ ዝጥለበሉ እዋን ምህላዉ፡ ካብ ማንም ኤርትራዊ ዝተኸወለ ኣይኮነን። ብርግጽ ከኣ፡ ንከባቢ 29 ዓመታት ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም፡ ሓደ ዕሉል ውልቀ-መላኺ፡ ብህዝብታትና ከይተመረጸ፡ ኩሎም ዲሞክራስያውን ሰብኣውን መሰላት ጨፍሊቑ፣ ናይ ፍትሒ ስርዓት ዓፊኑ፡ ብጨካን ምሕደራ ናይ ህዝብታትና ማሕበራውን ቁጠባውን ሂወት ናብ ዝሽፍአ ቅልውላው ሸሚሙ፡ ቀሲኑ ክነብር ዝሕሰብ ኣይኮነን። ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ፡ ኪንዮ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርና፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝጻዕነ ሕሱም ስርዓተ ጭቆና፡ ናጽነትን ልዑላውነት ሃገርና ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ምስጢራዊ ስምምዓትን፡ ነዚ ዝእምቱ ክብሪ ህዝብና ዘዋርዱ መደረታት ክድርጉሕ ብተደጋጋሚ ተሰሚዑ እዩ፡፡ ከም ውጽኢቱ፡ ናይ ህዝብታትና ቁጠዐ ሰማይ ዓሪጉ፡ መሓዉራት ናይ'ቲ ስርዓት ከም ሕሱም እናተሓቖነ ብምምጽኡ፡ ልዑላውነትን ናጽነትን ሃገርና ንምዕቃብን፡ መጻኢ ዕድል ህዝብታትና ብዝሓሸ ንምምዕርራይን፡ ፖሎቲካዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ፡ ጊዜ ዘይህብ ምኳኑ ብተግባር እናተራእየ ኣብ ዝመጸሉ እዋን ኢና ጸኒሕና። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ማይ-ቤት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝንጸባረቕ ዘሎ ምሕቋን መንግስታዊ ማሓውር ድማ፡ ናይ'ዚ ጽዑቕ መግለጺ ምኳኑ ርግጽ እዩ።

ጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታት ሃገርና እዚ እናሃለወ፡ ሎሚ'ውን ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ፡ መሰረታዊ ፖሎቲካዊ ለውጢ ዝጠልብ ወድዓዊ ኩነታት ሃገርና ዝመርሕ፡ ዓቕምታቱ ዘዋደደ ብቑዕ ፖሎቲካዊ ሓይሊ፡ ብዘተኣማምን ኣብ ዘይተረጋገጸሉ እዋን እዩ። ስለዝኾነ'ውን ነዚ ውሽጣዊ ቅልውላው'ዚ ብምምሕዳር፡ ዕድመ ስልጣኖም ከናውሑ ዝደልዩ፡ ዝተፈላለዩ ተናሓናሕቲ ጉጅለታት ስርዓት ህግደፍ ብሓደ ወገን፡ ምስ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ምስጢራዊ ዉዑል ኣሲሮም፡ መጻኢ ዕድል ሃገርናን ህዝብታትናን ኣብ ሓደጋ ከውድቑ ውዲት ክኣልሙ ዝጸንሑ መንግስታት፡ ከባቢ፣ ዞባን ልዕለ ሓያላን ሃገራትን ድማ በቲ ካልእ

ወገን፡ ነዚ ፖሎቲካዊ ቅልውላው'ዚ፡ ኣብ ረብሓኦም ንምውዓል፡ ኣብ ዝጓየዩሉ እዋን ንርከብ። ስለዚ ድማ፡ ነዛ ታሪኻዊት ማዓልቲ ሽቃሎ ዓለም-መይ-ደይ ክነኽብር እንከሎና፡ ሃገርና ኣብ ቃራና መንገዲ፡ ኣብ ተኣፋፊ ኩነታትን ተሳጢሓ ኣብ ትርከበሉ እዋን እዩ።

ስለዝኾነ'ውን ውድብና ሰደግኤ ብምኽንያት ማዓልቲ ሽቃሎ ዓለም መይ-ደይ፡ ንመላእ ህዝብታት ኤርትራ ዘማሓላልፎ መልእኽቲ ዝስዕብ እዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባርና፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ)፡ ንህሉው ፖሎቲካዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ፡ ብ27 ሚያዝያ 2020 ዓ.ም. ኣብ ዝዘርግሖ መግለጺ፡ ኣብ ሃገርና ፖሎቲካዊ ለውጢ ከምዘድልን ግድን ምዃኑን ብምምልካት፡ እቲ ዝረጋገጽ ፖሎቲካዊ ለውጢ ክሰግሮም ዘይግባእ ዓንዲ እምነታት፡-

1. ጉዳይ ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ፡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ክኸውን ከምዘይብሉ፡
2. መስርሕ ለውጢ ካብ ዝኾነ ይኹን ደም ምፍሳስን ዕንወት ንብረትን ጥሪትን ህዝብን ሃገር ዝደሓነ፡ ሰላማዊ ስግግር ክካየድ ከምዘለዎ፡፡
3. ድሕንነት ህዝብታት ኤርትራ ዘውሓሰ ክኸውን፡፡
4. ኣብ ሓባራዊ ረብሓን ምክብባርን ዝተመስረተ፡ ጥቕሚ ህዝብታትና ኣሕሊፉ ዘይህብ ዲፕሎማስያዊ መርሆ ምኽታል ከምዘድሊ፡
5. ንልዑላውነት ናጽነትን ሃገርና ኣሕሊፉ ዝህብ ናይ ደገ ሓይልታት ኢድ ምትእትታው፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ዘየተኣናግድ ክኸውን ከምዝግባእ፡ ዘነጽሩ እዮም።

ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ከም ኣባል ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ)፡ ነዞም እዋናውያንን ቅኑዓትን እምነታት ግንባርና ብዕግበት ተቐቢሉ፡ ንተግባራውነቶም ክቃለስ ድሉው ምህላዉ፡ ብኣጋጣሚ ማዓልቲ ሽቃሎ ዓለም መይ-ደይ እናረጋገጸ፡ መላእ ደለይቲ ለውጢ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ሽቃሎ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ነዞም እዋናውያን እምነታት ግንባርና ኣብ ምትግባር፡ ካብኦም ዝጥለብ ኣበርክቶን ዕቱብ ቃልስን ከካይዱ፡ መጸዋዕትኡ የማሓላልፍ።

መይደይ ማዓልቲ ሽቃሎ ዓለም ንዘልኣለም ተኸቢራ ትንበር!!
ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና፡ ጽንኩር መድረኻት ብምስጋር ክንዕወት ኢና!!
ዝኽርን ክብርን ንኩሎም ሰማእታትና!

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፡
ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡
01 ግንቦት 2020 ዓ.ም.